# ተመኩሮ ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን ኣብ 70ታት።

ሕሉፍ ታሪኹ ዘይፈልጥ ሕብረተ-ሰብ መጻኢ ጉዕዝኡ ብሩህ ኣይኮነን። ህ.ግ. ቀጻሊ ጉዕዞ ህዝቢ ኤርትራ ብሩህ ኮይኑ መታን ክቕጽል ንሕብረተ ሰቡ በብቐጻላኡ ብማሕበራት ብምውዳብ፡ ሙሉ ብሙሉእ ኣብ ቃልሲ ብምስታፍ መስርሕ ዲሞክራሲ ኣብቲ ዓለም ዓይና ዓሚታትሉ ዝነበረት እዋን ማለት ኣብ ሰብዓታት (70ታት) መስረተ። ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን ሓደ መርኣያ ናይቲ ሽዑ እዋን ምንባሩ ዘርኢ እዛ ትስዕብ ጽሕፍቲ ንመልከት።



# ዕ ላ ማ ታ ት

ንግዝኣት ኢትዮጵያን፡ዓንገልቲ ሃጸይነትን ጽዮን ነትን ብጉግካ፡ናይ ናጻ ኤርትራ ህዝባዊ መንግስቲ ተኺ ልካ፡መሰረታዊ ምቅይያር ብምግባር፡ሓዱሽን ሓራን ሕብረ ተሰብ ምህናጽ።

ኣብ'ቲ ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝምራሕ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነትን ሓርነትን ዝግበር ብረታውን ፖለካውን ቃልሲ፡ናይ ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን ናይ መሪ ሕ ተራ ንምናብ፡ ንኹሉ ቶም ሰራሕተኛታት ዘንቅሕን ዜኣ ከብን ጥርኑፍ ውዳብ ምህናጽ።

ብዕዳዊ ግዝኣት ኢትዮጵያን ተሳባበርቶ መዝመዝትን ጨኮንትን ጥቕመም ንምሕላው ፡ ሰራሕተኛ ህዝቢ ኤርትራ ንምምዝማዝን ንምጭኳንን ዝጥቀሙሉ ናይ ምምሕዳር ስርዓ ትን ሕግታትን ንምስባር ምቅላስ።

ቃልሲ ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን ንምድካምን ንምክ ፍፋልን ብስም ሰበስ ማሕበር ሰራሕተኛታት ዝግበር ውዲታ ዊ ጸዕሪ ምቅዋም ።

ሰሙናዊን ዓመታውን ዕረፍቲ ዘውሰን፡ ናይ ደሞዝ ደረጃ ዘፈሊ መበልን ሕግን ኣብ ግብሪ ንምውዓል ምቅላስ።

ናይ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ናይ ስራሕ ምርካብ መሰል ንምሕላው ምቅላስ።

ናይ ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን ናይ ስራሕ ኩነታት፡ ሰራሕተኛታት ዚነብርሉ በታን፡ናይ ጥዕና ኩነታትን ንምም ሕያሽ ምቅላስ።

ብሕማምን ጉድለት ኣካልን ዕጸመን ምኽንያታት፡ ካብ ስራሕ ናይ ዝብኾሩን ዓዲ ዝወዓሉን ሰራሕተኛታት፡ናይ ከንከንን ኣስትሕጋግን መሰል ንኽይጋሃስ ምቅላስ።

ብዘይ ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት፡ ካብ፡ስ ራሕ ምስጓግን፡ ደሞዝ ምቑራጽን፡ንዝግበር ዓመጽ ምቅዋም።

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምዕካም ዚግበር፡ ናይ ብሄ ር፡ ሃይማኖት፡ወገን፡ጾታ፡ኣፈላላይ ምቅዋም።

ንሰራሕተኛታት ካብ ናይ ዱንቀርና ጸልማት ንምውጻእ ምሃይምነት ንምጥፋእ ምጽዓርን ፍልጠትን ክእለትን ሰራሕተ ኛታት ከብ ንምበል ምምሃር።

ኣብ ዓለም ኣንጻር ሃጸይነትን ጨከንትን ተሓባበርቶ ምን ምስ ዚግበር ቃልሲ ሰራሕተኛታትን ጭኩን ህዝቢ ዓለምን ምዱግጋፍ ::

# ትካል ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን— ኤውሮጳ

## ምዕራፍ 1 — ስም

ማሕበርና፡ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን—ኤውሮጳ (ማ.ሰ.ኤ.ኤ.) ተበሂሉ ትጸዋዕ::

## ምዕራፍ 2—ኣባልነት

ዓንቀጽ 1—

ኣባልነት ማ.ሰ.ኤ.ኤ. ንዝኾነ ፖለቲካዊ ሕንጻጻት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝቕበል፡ ኣብ ናይ ማ.ሰ.ኤ.ኤ.ጨና ፍር ከሰተፍን ከሰርሕን ዝደሊ፡ ናይ ህ.ግ.ን ማ.ሰ.ኤ.ኤ.ን ኣብ ግብሪ ዘዉዕል ናይ ኣባልነት ውጽኢት ከም ዝተሓቱ ዝኸፍል ኤርትራዊ ሰራሕተኛ ክፋት ይኸውን ::

ዓንቀጽ 2—

ንኣባልነት ማ.ሰ.ኤ.ኤ. ዝጠቕዑ ዕድሚኦም ልዕሊ 18 ዓመት ዝኾኑ ሰበት ጥራይ እዮም::

ዓንቀጽ 3—

ንኣባልነት ዝጠቕዑ ሰራሕተኛታት፡ ናይ ሰለስተ(3) ወርሒ ናይ ምዕዛብ ግዜ ኣሕሊፎም ዝተመስከረሎም ጥራይ ይኾኑ::

ዓንቀጽ 4—

ንሓደ ናብ ምዕዛብ ዝኣቱ ሰራሕተኛ፡ኣቕራቢ(ኣቕረብቲ)

ኣባላት ማሕበር፡ ብዛዕባ ናይ'ቲ ዝቐርብ ሰራሕተኛ
ኣታሓሳስባን ጠባይን ናይ ህይወት ታሪኽን፡ ሓቀኛ
ጸብጻብ ከቕርቡ ይግባእ።

ዓንቀጽ 5—
ኣብ ምዕዛብ ዝኣተወ ሰራሕተኛ ናይ ህ.ግ. ፖለቲ
ካዊ ሕንጻጽ ይገለጸሉ፡ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ይወሃብ፡
ናይ ዓይነቱ ትዕዝብቲ ይገበረሉ።

ዓንቀጽ 6—
ናይ ምዕዛብ ግዜ ተወዲኡ፡እቲ ዝቐረበ ሰራሕተኛ
ብቕዓ ኮይኑ ምስ ተረኽበ፡ ናብ ማሕበር ምስ ኣተወ
ቅድሚ ምጽዳቕ ብቕዓቱ (ፖለቲካዊ ዓይነቱ)ኣብ'ቲ
ናይ ንኡስ ጨንፈር ርክብ ምስ ተጻንዐ ቅቡል ይኸ
ውን።

ዓንቀጽ 7—
ሓደ ሰራሕተኛ ንኣባልነት ቅቡል ኮይኑ ምስ ተረኽበ
ትካል ማ.ሰ.ኤ.ኤ. ተገሊጹሉ፡ ተመዝጊቡ ምሉእ
ኣባል ይኸውን ።

ዓንቀጽ 8—
ናይ ሓደ ሰራሕተኛ ናይ ኣባልነት ኣቀን፡ ናይ ምዕ
ዛብ ግዜ ወዲኡ ተቐባልነቱ ካብ ዝጸደቐሉ ዕለት
ይፍቀዶ።

ዓንቀጽ 9—
ናይ ሓደ ሰራሕተኛ ናይ ምዕዛብ ግዜ፡ድሕሪ መጽናዕቲ

ናይ'ቲ ተገዳሲ ንእስ ጠንፈር ገዜ መዐዛብ መውሰኽ ኣደላይ ኮይኑ እንተዶኣ ተረኺቡ፡ እቲ ዚተጠቕሰ ሰራሕተኛ፡ ንኽልእ 3 ወርሒ ኣብ መዐዛብ ይጸንሕ፡፡ ድሕሪ ናይ መዐዛብ ገዜ (ኣብቲ ቀዳማይ ወይ ካልኣይ) ብቕዐ ኮይኑ ዘይተረኽበ ሰራሕተኛ ካብ ናይ መዐዛብ መዝገብ ይስረዝ፡፡

## መዐራፍ 3— ግቡኣን መሰልን ኣባላት

ዓንቀጽ 10 ፥

ኣባላት ማ.ሰ.ኢ.ኢ. እዚ ዚስዕብ ግቡኣት ይህልዎም፡—

1. ብህ.ግ. ዘወጽኦ ናይ ፖለቲካዊ ትምህርቲ መደብ ክጸንዑን፡ ደረጃ ፍልጠቶም ካብ ንምብል ክጽዕሩን፡
2. ናይ ማሕበር ሓድነት ክደልድሉን ክሕልውን፡
3. ናይ ማ.ሰ.ኢ.ኢ. ውሳኔታት ብተኣማንነት ኣብ ግብሪ ክውዕሉን ብማሕበር ንዝተዋህቦም ሰራሕ ብብርታዐ ክፍጽሙን፡
4. ትክል ማሕበርን ሕግታትን ኣጥቢቖም ክሕልዉ፡
5. ድሌትን ዕማምን ማ.ሰ.ኢ.ኢ. ማለት ድሌትን ዕማምን ህዝቢ ልዕሊ ብሕታዊ ድሌቶም ገይሮም፡ ድሌት ማሕበር ብዘይ ተጉለበ ክፍጽሙ፡
6. ነቐፌታን ነብሰ—ነቐፌታን ኣብ ግብሪ ምውዓል፡ ጌጋታትን ጉድለታትን ምግላጽ፡ ኣብ ሰራሕ ዚፍጸም ጌጋታትን ... ንምእራሞን ምፍቃዱን ደማ ምጽዓር፡፡ ክም'ዚ ዚኣ

መሰለ ጉድለታትን ጌጋታትን ናብ ዝለዓል ሰገል ማሕበር ምቕራብ።

7.ምስ ማሕበር ጠቀምን ንጽህን ምዃን፡ ጠቂ ንም ሽፋንን ንምጥቃይን ዘይምፍታን።

8.ኣንጻር ተንኮላትን ውዲታትን ጸላኢ፡ ብዘይ ም ቁራጽ ትኩር ምዃንን ምስጢር ናይ ማሕበርን ገንበርን ምሕላው።

9.ኣብ ጽንኩርኩነታት ቆራጽ ምዃንን ምእንቲ ድሕ ነት ማሕበርን ገንበርን ምስዋእን።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ግቡኣት ዘይፍጽሙ ኣባላት ማሕበር፡ከንቀፉን ከማሃሩን ይግባእ፡፡ምም ቅቓልሓዱነት 'ማሕበር ዘስዕብ፡ሕግታት ህ.ገ.ን ማ.ስ.ኤ.ኤ.ን ዝሰብር፡ ውሳኔታት ዝጥሕስ፡ረብሐ ማሕበር ዘዕትን ፡ ንማሕበር ዘቋልልን ክስጋኢ ምግሃስ ናይ'ዚ ግቡኣት'ዚ፡ኣንጻሩ ጽኑዕ ዲስፕሊ ናዊ ስጉምቲ ይውሰድ፡፡

ዓንቀጽ 11—

ኣባላት ማሕበር እዚ ዝስዕብ መሰላት ይህልዎም።

1.ኣብ ውሽጢ ንኡስ ጨንፈርም ወይ ጨንፈርም ወይ ከልእ ዝርከብሉ ኣካል ማሕበር፤ ምስ ሚሊን ስ ራሓትን ማሕበር ኣብ ዝዝመዱ ሕቶታት፡ኣብ ርክ ብት ክካፈሉን ክዝትዩን።

2.ስራሕ ማሕበር ኣብ ዘርኢ ጉዳያት ርእይቶታቶ ከቕርቡን፡ ኣብ ስርሐም ንዘለዎም ብልሓታዊ ክእ ለት ምሉእ ተበታፍነት ክህቡን።

3. ኣብ ርክባት ማሕበር ንዝኾኑ ኣባላን ሓለፍን ሃናጺ ነቐፌታ ከቕርቡ፡

4. ኣብ ውሽጢ ዝርከብሉ ጨንፈር ክመርጹን ክምረጹን፡

5. ምስ ውሳኔታት ማሕበር ኣብ ዘይሰማምዕሉ እዋን፡ ነቲ ዝሓለፈ ውሳኔ ብዘይ ገለ ምኽንያት ኣብ ግ፡ ብሪ ከውዒሎም ፡ርእይቶም ናብ ዝለዓለ ኣካል ማሕበር ከቕርቡ፡

6. ብቲ ግቡእ መስመር ናብ ዝለዓለ ኣካል ማሕበር ሰራሕተኛታት ከባብ መሪሕነት ሀ.ግ. ርእይቶ ምን ጥርዓኖምን ከቕርቡ፡

ኣባላት ማሕበርን ሓለፍቲ ኣባላት ማሕበርን ፡ ነዚ መሰላት'ዚ ምስ ዘየኽብሩ ይንቀፉን ይመሃሩን፡፡ ናይ'ዚ መሰል'ዚ ምግሃስ ኣስጋኢ ምስ ዝኸውን ኣገዳሲ ጽኑዕ ዲስፕሊናዊ ስጉምቲ ይወሰድ፡፡

ዓንቀጽ 12—
ንኣባልነት መመዝገቢ 5% (ሓሙሽተ ካብ ሚእቲ) ካብ ወርሓዊ **ኣታዊ** ይኸፈል፡ ኣባልነት ድማ ኣብ ዓዓመት ይሕደስ፡፡

ዓንቀጽ 13—
ነፍሲ ወከፍ ኣባል ኣብ ወርሒ 20% (ዕስራ ካብ ሚእቲ) ካብ ወርሓዊ ~~ደሞዙ~~ ኣታዊ ይኸፈል ፡፡

ዓንቀጽ 14—
ብብቕዐ ምኽንያት ቦታ ንዝቕየሩ ኣባላት ካብ ሓደ
ንኹሉ ጨንፈር ናብ ካልእ ንኹሉ ጨንፈር ክሰጋገሩ

ይኽእሉ:: እዚ ግን እታ ናይ'ቲ ጨንፈር ዘለዓለት ኣካል ክትፈልጦ ይግበኣ:: ካብ ሓደ ጨንፈር ናብ ካልእ ጨንፈር ኣብ ዝሰጋገረሉ ግዜ ድማ እታ ናይ ኣውርጃ ዘለዓለት ኣካል ክትፈልጦ ይግበኣ::

ዓንቀጽ 15—
ሓደ ኣባል ንሰለስተ ወርሒ ዝኣክል፡ ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ኣብ ህይወት ማሕበር ምስ ዘይካፈል ወይ ውጽኢት ማሕበር ምስ ዘይከፍል ካብ መዝገብ ይስረዝ፣ ናቱ ምውጻእ ኣስጋኢ ምስ ዝኾውን ኣንጻሩ ጽኑዕ ዲስፕሊናዊ ስጉምቲ ይውሰድ::

ዓንቀጽ 16 —
ኣብ ውሽጢ ማሕበር ሕማቕ ጠባያት ዘርእን ዲስፕሊን ማሕበር ዘብብርን ኣካል:—
1. መጠንቀቕታ ይወሃብ
2. ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ይግበረሉ
3. መሰላቱ ይገፈፍ :

ጸሓር'ዚ ዲስፕሊናዊ ስጉምቲ'ዚ ጠባዩ ምስ ዘእርም መሰላቱ ይምለሰሉ::

ዓንቀጽ 17 —
ናይ ዲስፕሊን ማሕበር ዝጥሕሱን ሕማቕ ጠባይ ዘርኣዩን ኣባላት ማሕበር ዝግበር መጠንቀቕታን፣ ናይ ገንዘብ መቕጻዕትን፣ መሰላት ምግፋፍን ብርክብ ናይ'ቲ ዝተጠቕሰ ኣባል ንኡስ ጨንፈር ይወሰን:: ናይ ምምሳብ ስልጣን ከምኡ ::

ዓንቀጽ 18 —
ሓደ ኣካል ማሕበር (ንኡስ ጨንፈር፣ ጨንፈር....)

• ኣንጻር ሓደ ሕማቅ ጠበይ ዘርኣን ደስኘሊን ማሕበር ዚጥሕስን ኣባል ዚወሰደ ደስኘሊናዊ ስጉምቲ፡ ኮም ጸብጻብ ናብ'ቲ ዚለዓለ ኣካል ማ.ሰ.ኤ. የሕልፍ።

## ምዕራፍ 4
## ውዳበዊ መትከላትን ኣተሃናንጻን

ዓንቀጽ 19—

ማ.ሰ.ኤ. መስጢራዊ ማሕበር እዩ ፡፡ ኩሉ ማሕበራዊ መትከላትን ኣከያይዳኡን ኣተሃናንጽኡን ደማ ኣብ ምስጢር ዚተመስረተ እዩ።

ዓንቀጽ 20 —

ኣባላት ማሕበር ኣብ ጆኦግራፍያዊ መሰረት ይቖሙ:—

1. ዝለዓለ ኣካል ማሕበር ብራሕተኛታት ኤርትራውያን—ኢውሮጳ ጉባኤ እዩ።
2. ጉባኤ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ይግበር፡
3. ጉባኤ ንኣካየድቲ ኣካል ማ.ሰ.ኤ.ኤ. ይመርጽ፡
4. ኣብ መንጎ ገባኤታት ዘሎ ግዜ ኣካያድቲ ኣካል ማ.ሰኤ.ኤ. እታ ዝለዓለት ኣካል ትኾውን።
5. ኣብ ነፍሲ ወከፍ ፍሉይ ቦታ ዝልዓለ ኣካል እቲ ኣብቲ ፍሉይ ቦታ ዘርከብ ኮሚተ እዩ።

ዓንቀጽ 21 —

ውዳበዊ መትከላት ማሕበር ከምዚ ዝስዕብ ይኾውን:—

1. መራሕቲ ኣካላት ማሕበር፡ ንርእይቶታት ወናፍርን ተራ ኣባላት ማሕበርን፣ ዘዋድርጽ ተገዳስነት ኪገብሩሎን፡ ንመኽሪኦም ክጸንዑን ብዘይ ምድን ጋይ ሽገራቶም ንምፍታሕ ክሕግዝዎምን ይግባእ።

2. ታሕተዋት ኣባላት ማሕበር፡ ኣብ ምዓብ ኣዋናት ብዘይ ምቕራጽ ንልዕሊኦም ዘለው መራሕቲ ኣካላት ማሕበር ጸብጻብ ስረሖም ከቕርቡን፡ ብዝለዓለ ማሕበር ውሳኔ ንዝድልዮም ሕቶታት ኣብ ጸቡቕ ግዜ ሓበሬታ ክሓቱ ይግባእ።

3. ኩሎም መራሕቲ ኣካላት ማሕበር፡ ብመትከል ናይ ሓበር መሪሕነት ምስ ውልቃዊ (ፍሉይ) ሓላፍነት ይሰርሑ ፡ማለት ኩሉ ኣገዳሲ ጉዳያት ብሓበር ይውሰን፡ ነፍሲ ወከፍ ውልቀሰብ ድማ ግደኡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ግብሪ ምውዓል ይኽእል።

4. ውሳኔታትን ትእዛዛትን ማሕበር ብዘይ ምኽንያት ኣብ ግብሪ ክውዕል ይግባእ። ተራ ኣባላት ንመራሕቲ ኣካላት ማሕበር ይእዘዙ፤ ዝወሓዱ ንብዙሓት ይእዘዙ፤ ታሕተዋት ኣካላት ማሕበር ንዝለዓሉ ይእዘዙ፤ ኩሉ ኣካላት ማሕበር ንኣካያዲት ኣካል ማ.ሰ.ኤ. ይእዘዝ፤ ኣካያዲት ኣካል ንጠቕላሊ ኣካያዲ ህዝባዊ ውድብ ህ.ግ. ይእዘዝ።

ዓንቀጽ 22 —

መራሕቲ ኣካላትማሕበር ኣብ ነንበይኑ ደረጃታት ከምዚ ዝስዕብ እዮም:—

1. ናይ ንኡስ ጨንፈር ዝለዓለት ኣካል ናይ'ቲ ንኡስ ጨንፈር ኣካያዲት ኣካል ኢያ፡
2. ናይ ጨንፈር ዝለዓለት ኣካል ናይ'ቲ ጨንፈር ኣካያዲት ኣካል ኢያ ።

ዓንቀጽ 23 —

ውዱብዊ ኣተሃናንጻ ማሕበር ከምዚ ዚስዕብ ይኸውን:—

1. መበእታዊ ኣካል ማሕበር ንኡስ ጨንፈር ኢዩ: ሓንቲ ንኡስ ጨንፈር ካብ 5 ንላዕሊ ኣባላት ይህልውዋ:: ቀጸሪ ኣባላት ካብ 5 ንታሕቲ ምስ ዚኸውን ኣቶም ኣባላት ናይ'ታ ኣብ ጥቓኦም እትርከብ ንኡስ ጨንፈር ኣባላት ኮይኖም ኣብ'ቲ ዘለዉዋ በታ መጸናዕቲ ጉጅለ የቕሙ::

2. ዚላዓለ ካልኣይ ኣካል ማሕበር ጨንፈር ኢዩ::

ዓንቀጽ 24—

ስረሓትን ስልጣናትን ላዕለዎት ኣካላት ማሕበር ብገቡእ ዚተኸፋፈል ይኸውን:: ንጉዳይ ማሕበር ዘጠቓልል ሕቶታት ብኣካ.ኣካል ማ.ሰ.ኢ.ኤ. ይውሰን: ናይ ፍሉይ ቦታ ጠባይ ዝሓትት ሕቶታት: ብቲ ናይቲ ፍሉይ ዚላዓለ ኮሚቴ ማሕበር ይውሰን:: ብታሕተዎት ኣካላት ማሕበር ዚውሰዱ ውሳኔታት ምስ'ቲ ብላዕለዎት ኣካላት ማሕበር ውሳኔታት ኪጋጮ የብሉን:: ታሕተዎት ኣካላት ማሕበር ሓደ ውሳኔ እሕሊፎም ኣብ ግብሪ ቅድሚ ምውዓሎም ንመጽዓቕ ናብ ላዕለዎት ኣካላት ማሕበር ከሕልፍዎ ይግባእ:: ብላዕለዎት ኣካላት ማሕበር ቅቡል ምስ ዘይኮነ: ናይ ላዕለዎት ኣካላት ውሳኔ ኣብ ግብሪ ይውዕል::

ዓንቀጽ 25 —

ሓንቲ ንኡስ ጨንፈር ሓንቲ ኣካያዲት ኣካል ትህልዋ: ስረሓታ ድማ ከምዚ ዚስዕብ ይኸውን:—

1. ውሳኔታትን ትእዛዛትን ላዕለዎት ኣካላት ማሕበር

ተቐቢላ ኣብ ግብሪ ተውዕል:

2. ጽብጻብ ኩነታት ስራሕ ንኡስ ጨንፈር: ስሚዒትን ደሌትን ኩነታትን ሰራሕተኛታት ናብ ዝለዓሉ ፣ ኣካላት ማሕበር ተቕርብ:

3. ሰደስቲ ኣባላት ተኣቱ:

4. ናይ ማሕበር ደስፕሊን ትሕሉ:

5. ንቕሓትን ፍልጠትን ኣባላት ክብ ንምባል ትምህር

6. ውጽኢት ማሕበር ትኣክብን ተማሓሰልፍን:

7. ሰራሕተኛታት ኣብ ፖለቲካዊ ህይወት ንገበርን ሃገራዊ ቓልስን ንጡፍ ተራ ንኽወስዱ ትመርሕ:

8. ናይ ጸላኢ ኩነታት እናተኸታተለት ጽብጻብ ተቕ ርብ:

9. ሽግራት ኣባላት ንምቅላል ምፍታሕን ኣበርቲዓ ትጽዕር:

10. ኣብ ብረታዊ ቓልሲ ዝሰለፉ ሰራሕተኛታት ትምል— ምል::

ዓንቀጽ 26 — ሓንቲ ጨንፈር ሓንቲ ኣካያዲት ኣካል ትህልዋ: ስር; ሓታ ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን:—

1. ውሳኔታትን ትእዛዛትን ሓበሬታታን ላዕለዎት ኣካላት ማሕበር ተቐቢላ ኣብ ግብሪ ተውዕል:

2. ጽብጻብ ስራሕ ኩነታት ጨናፍራ ናብ ላዕለዎት ኣካላት ማሕበር ተመሓላልፍ:

3.ስራሕ ጨንፈር (ስነ—ሓሳባዊን ውደባውን) ተካይድ

4.ንኡሳት ጨናፍር ተቖውም: ንጥፈታቶም ተመሓዳድር:

5.ዲስፕሊናዊ ስጉምትታት ብምውሳድ ዲስፕሊን ማሕበር ተኽብር:

6. ናይ ንኡሳት ጨናፍር ውጽኢት ትእከብን ተመሓላልፍን:

7.ሽግራት ንኡሳት ጨናፍር ማሕበር ንምቅላልን ንምፍታሕን ኣበርቲዓ ትጽዕር:

ዓንቀጽ 27—

ማ.ስ.ኢ.ኤ.ብሰለስተ ኣባላት ዝቖመት ሓንቲ ኣካያዲት ኣካል ትህልዎ: ስራሓታ ድማ ከምዚ ዝስዕብኢዩ:—

1.ውሳኔታትን ትእዛዛትን ሓበሬታትን ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይ ህዝባዊ ውድባት ኣካያዲ ኣካል ኣብ ግብሪ ተውዕል:

2.ጸብጻብ ኩነታት ማ.ስ.ኢ.ኤ. ስራሑን ናብ ናይ ህ.ግ. ናይ ህዝባዊ ውድባት ኣካያዲ ኣካል ተመሓላልፍ:

3. ስራሕ ማሕበር ብምሉኡ ተካይድ:

4. ጨናፍር ተቖውም :ንጥፈታቶም ድማ ትቆጻጸር:

5. ዜጻንከሩ ዲስፕሊናዊ ስጉምትታት ብምውሳድ ዲስፕሊን ማሕበር ትሕሉ:

6. ውጽኢት ጨናፍር ትእከብን ተመሓላልፍን:

7. ሽግራት ጨናፍር ማሕበር ንምቅላልን ንምፍታሕን

አበርቲዓ ትስርሕ፡፡

ዓንቀጽ 28—

—ኣብ መንበር ኣብ ኩሉ ደረጃታት ከምዚ ዝስዕብ ስራሒት ይህልዎ፡—

1. ኣበላት ኣካያዲት ኣካል ንኣኼብ ይዕድም፡
2. ርክበት ኣካያዲት ኣማል ይመርሕ
3. ንኣካያዲት ኣካል ኣብ ዘዶሊ ጉዳያት ይውክል
4. ናይ ኣካ. ኣካል ስራሒት ይቆጻጸር

ዓንቀጽ 29—

ዋና ጸሓፊ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ከምዚ ዝስዕብ ስራሒት ይህልዎ፡—

1. ኣብ ርክበት ኣካያዲት ኣካል ናይ ዚግበር ዘተን ዚሓልፍ ውሳኔታትን ከልእ ንኣካ.ኣካል ዘገድስን ጉዳያትን ይምዝግብ፡
2. ናይ ማሕበር መዛግብ ይሕዝ፡
3. ጸብጸባት ይቕበልን የማሓላልፍን፡
4. ዕለታዊ ስረሒት ኣካ. ኣካል የካይድ፡፡

ዓንቀጽ 30—

ተሓዝ ገንዘብ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ከምዚ ዝስዕብ ስራሒት ይህልዎ፡—

1፡ ናይ ማሕበር ውጽኢት ምእካብ
2. ናይ ገንዘብ ጸብጻብ ምቕባልን ምትሕልላፍን፡
3. ናይ ገንዘብ ምሕዛን ቀጽጽር ምግባርን ፡፡

ዓንቀጽ 31 —

ኣዶላይ ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ኩነታት ስራሕ ምስ

ዝሓቶ ኣካ.ኣካል ማሕበርን ኣካ. ኣካላት ጨናፍርን ኣብ ትሕቲ ሓላፍነቶም ዘሎዉን ከዒቲ ክፍሊ ሰራሕት ከቶም ወይ ንፍሉይ ሰራሕ ወኪል ክምደቡ ይኽእሉ።

ዓንቀጽ 32 —

ዝለዓለ ኣካያዲ ናይ ነንበይኑ ክፍልታት ማሕበር (ሰራሕተኛታት፡ ሓረስቶት፡ ደቀ' ንስትዮ ፡ ተማሃሮ፡ መንእሰያት..) ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናይ ህዝባዊ ውድብ ኣካያዲ ኣካል እዩ።

---

ኣብ ሻሙናይ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኤ.ና.ኤ.
ዝጸደቐ መምርሒ ናይ ማ.ሰ.ኤ.ኤ.
በሉና 19 ነሓሰ 1977.